*ዝጠፈሸ ውዲት*

*ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣንጻር ጸላእቲ ክምክትን ክቃለስን ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ነንበይኑ እዋን ዝተፈላለዩ መልክዓት ከም ነፋሒቶ ሕብሪ እንዳ ቀየርካን እንዳ ኣቔናጀኻን እንተ ኾንልና ኢልካ ዝግበር ፈተነታት ምናልባት ንዓሻ ክመስሎ ይኽእል ይኸውን። ንዓና ንኤርትራውያን ግን ካብ ሕሉፍ ናይ ኣቦታትና ተመኩሮ ስለ ዘሎና እዚ ደው በለለይ ክብለጸልካ ዝግበር ዘሎ ሽርሕን ምትንኳልን ብደምና መኪትናዮ ኢና። እንተ ንስኻትኩም ሰብ ጸሊም ታሪኽ መሊሱ ኳኽ ይምሰል ኢልኩም ትሰርሕዎ ዘሎኹም ንሕና ድማ ኣብ ቦታናን ኣብ መትከልናን ኣሎና። ኤርትራውያን ሎሚን መጻእን መሊስና ንሓንን ንጸንዕን ደኣ እምበር ኮታ በቲ ናታትኩም ተንኰላትን ስውር ውዲትን ኣይንሰናበድን። እዚ ሎሚ ዝኸይድ ዘሎ ማእለማታት መልክዑ ይቐይር ድኣ እምበር ኣብ ልዕሊ ኣበሓጎታትና ብማሕበር ኣንድነት: ብማሕበር ሕብረት ዝተራእየ መድረኽ ይድገም ኣሎ። ነቶም ተበዓት ንሃገሮም ዝቃለሱ ዝነበሩ ኤርትራውያን ንኣብነት ከም በዓል ከቢረ ኢብራሂም ሱልጣን ወልደኣብን ካልኦትን ሓርበኛታት ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ግፍዒ ቅጅል ይብለካ።  እዞም ናይ ግዜና ምዕቡላት ማሕበር ኣንድነት ሎሚኸ ናበይ፣ ምዕቡል መሳርሒ ናይ ኢንተርነት ተጠቒምካ ንህዝቢ ምንዕዓብ፣ ዕግርግር፣ ራዕዲ ሓሶትን ፕሮፖጋንዳን ኣሊሞም እገለ ተኣሲሩ እገለ ሃዲሙ እገለ ሓሚሙ እከለ ካብ ስራሕ ጠጠው ኢሉ እገለ ሞይቱ እንዳበሉ ህዝብና ቀሲኑ ንኸይነብር መዓልታዊ ሓዲሽ ሓሶት እንዳ ሸመቱ ኣብ ኢንተርነት ክዝርግሕዎ ንርእዮም ኣሎና።*
*ንኣብነት እዚ ትማሊ ዕለት 21. 01. 2013 ኣብ ኢንተርነት ክዕለል ዝወዓለን ዝሓደረን ናይ ኢንተርነት ተኳሉ ከም ኣብ ኣስመራ ዝነበሩ ኲይኖም ናይ ሓሶት መዳፍዕ ክትኰሱ ውዒሎምን ሓዲሮምን። እሞኸ እቲ ኵነታት እንታይን ከመይ ነይሩን ኢልና እንተ ንሓቶምስ እንታይ ምመለሱ። ንኣብነት ኣየር ፖትርትን እንዳ ዜናን ተታሒዙ ኮታ ኤልሳ ኢሳያስ ጓል ፕረስዴንት ኣብ እንዳ ዜና ተማሪኻ ተባሂሉ ተጻሒፉ ርኢናዮ እዚ ድማ ዘሕዝን እዩ። ኮይኑ ግን ኣብ እንዳ ዜና ተንኰል ኣይተኣልመን ማለት ኣይኮነን። ኵሉ ግዜ ብጸላእትና ተንኰልን ውዲትን ሽርሕን ካብ ምእላም ዓዲ ውዒሎም ኣይፈልጡን። እቲ ዝዓበየ ውዲት እምበኣር ብእንግሊዛውያን ዝተዋደደ ፈለስቲ ኣምሲልካ ብረት ብጀላቡ ጽዒንካ ናብ ኤርትራ ኣእቲኻ ዓቢ ሓደጋ ምፍጻም እዚ'ውን ብግስ ከይበለ ፈሺሉ'ዩ። ትማሊ ኣብ እንዳ ዜና ዝተፈጸመ ጸወታ ቆልዑ እዩ ነይሩ እንተበልና'ውን ብዙሕ ኣጋኒናዮ ኢና። ምኽንያቱ  ጸወታ ቈልዑ'ውን እንተኾነ ብዙሕ መሃርን መዘናግዕን ኣለዎ። ብኽፍካ ምሕላምን ንሰማይ ክትበጽሕ ምሕሳብን ግን ዘይፈጥሮ ጽላለ የለን።*
*ዘገረመና ድማ እቲ ዝተዓለን ዝጸሕፈን ሰራዊት ብጥርኑፍ ተወዲቡ ዕላማ  ከም ዝነበሮ ገይሮም ዝገልጽዎ ውጹእ ሓሶት ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ሰራዊት ንስራሕ እንዳ ዜና ኣሎ ተባሂሉ ንኽሰርሕ ዝመጸ ሰራዊት'ዩ ነይሩ እቶም ነቲ ሰራዊት ዘበገስዎ ግዙኣት ውልቀሰባት ኣብ ውሽጢ እንዳ ዜና ምስ በጽሑ ናብ ካልእ ዕላማ ከእትውዎኳ እንተ ሃቀኑ ንሳቶም ግን ዝፈልጥዎ ነገር ኣይነበሮምን በዚ ድማ ኣብ ውሽጢ 10 ደቓይቕ ዘይመልአ እቶም ንተንኮል ዝተበገሱ ውልቀሰባት ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣትዮም።*

*ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና*
*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ*

*ተስፋይ ጀርመን*